## መንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ፧

### 2. ድርዒ ጽድቂ

**"ደጊም . . . ድርዒ ጽድቂ ተኸዲንኩም ቁ ሙ።"** **ኤፌ 6፥14**

ድርዒ (breastplate) ሓደ ኣብ ዓውዲ ኹናት ዘሎ ወትሃደር ኣብ ኣፍልቦ ዝለብሶ መከላኸሊ ዕጥቂ እዩ። ብእኡ ኸኣ ነታ ቀንዲ ክፍሊ ኣካሉ ዝኾነት ልቡ ካብ ጉድኣት ይከላኸል። ኣብ እዋን ውግእ ኣፍ ልቡ ዝተወቕዐ ወትሃደር ክሳብ ክንደይ ልቡ ክምዝጉዳእ ንነፍሲ ወከፍና ንጽርዩ መስለኒ፡፡ ከምኡ ድማ እቲ ውትሃደር ክርስቶስ ዝኾነ ክርስትያን ልቡ ማለት ፍቓዱን ስምዒቱን ብዝተፈላለየ ፍላጻታት ሰይጣን ከይጉዳእ ምእንቲ ብጽድቂ ኣምላኽ ክሽፈን ኣለዎ፡፡

ጐይታ ኢየሱስ "ጽድቂ ዝጠምዩን ዝጸምኡን ክጸግቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም" (**ማቴ 5፥6**) ይብለና። እቲ መንፈስ ሓቂ ድማ ናብዚ ድሌትዚ ምእንቲ ክንመጽእ ብዛዕባ ጽድቂ ይረትዓና(ዮሃ **16፥8**)። ብፍቕሪ ኣምላኽ ተደሪኽና ንጽድቂ ኣምላኽ ንደልዮን ሃረር ንብሎንሞ፧ ንሱ ኸኣ ይህበና፡፡ እዚ ኸኣ ከምቲ "ብእምነት ካብ ጸደቕናስ ምስ ኣምላኽ ብክርስቶስ ሰላም ኣሎና" (**ሮሜ 5፥1**) ተባሂሉና ዘሎ፧ ጽድቂ ኣምላኽ ንክርስቶስ ከም ጐይታናን መድሓኒናን ብእምነት ተቐቢልና ጥራይ ኢና ንረኽቦ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብዘሎ ጽድቅና ከም ጽዩቕ ክዳን እዩሞ፧ ካብዚ ሓሊፉ ብናይ ርእስና ሰናይ ግብሪ ወይውን እዚ ግበር እዚ ኣይትግበር ተባሂሉ ዝወሃበና ዝኾነ ይኹን ስርዓት ክንጸድቕ ምስ እንፍትን ካብ ጽድቂ ኣምላኽ ተፈሊና ከይድሓንና ከምንተረፍ ከኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣስፊሑ ገሊጹዎ ኣሎ (**ሮሜ 10፥1-13, ቆሎ 2፥16-23**)፡፡

ሎሚ ከምቲ ቃሉ ዝምህረና ናይ እምነት ስጉምቲ ብምውሳድ፧ ጽድቂ ኣምላኽ ለቢስና፧ ብኽቡር ደም ክርስቶስ እንዳነጻህናን ብመንፈስ ቅዱስ እንዓተቐደስናን ናይ ጽድቂ ናብራ ክንነብር ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነት እዩ፡፡ ልብና ኩሉ ጊዜ በዚ ጽድቂ ኣምላኽ ተመሊኡ፧ ብመገዲ ጽድቂ ምስ ንመላለስ ከኣ፧ ነቲ ንፍቓድናን ስምዒትናን ተቓጻጺሩ ናብ ርኽሰትን ውድቀትን ክእትወና ዝውርወር ፍላጻታትን ዝእለም ውዲትን ናይ ድያብሎስ እንዓኣፍሽልና ብክርስቶስ ካብ ዓወት ናብ ዓወት ንሲጋገርሞ፧ መወዳእታና ኸኣ ኣብቲ ዝፋን ጽድቂ ይኸውን።